# ንገረኒ
# ንመን ተሓጺኻ?
12/24/2013 ረ.ክ.(ባሻይ)

ንገርኒ..........
        ኣንታ ጅግና ኣንበሳ በረኻ
        ንገረኒ ንመን ተሓጺኻ?
ንገረኒ.........
ምሕጻይሲ ተሓጸ ጽቡቕ ትምኒት
ጥንቃቐ ግን ግበር ካብ ዕንቅርቢት
ይሕነና 'ለዋ ይቕኑና
ከይዓብጣኻ ወይዘሮ ጽገና
        ንገረኒ.........
        ምስ ጸገመን ኢየን ምስ ሕማመን
        ጽንሕ ኢለን ናብ ሰብኣይ ቀደመን
        ልቢ ግበር መንእሰይ ኤርትራ
        ነታ በቕሊ ህበይ ከይትሰራ
ንገረኒ.........
ይብላ 'ለዋ የማን ጸጋም ሆይ-ሆይ
ዒላመን ኣይከደን ናይ ብኣምሆይ
ሒዝካ ካብ መጻእካ ወርቂ ሽቦ
ኣጻብዕ ናይ መን'ያ ትርከቦ?
        ንገረኒ.......
        ብሽም ኲሕሊ ጽብቕቲ ከይትብላ
        ማይ ኣቕብል ተሓጸቢ በላ
        ብሽም ቕኖ ከይትኣቱ 'ብ ጌጋ
        ሳዕሪ'ኮ ይርከብ'ዩ ኣብ ዕዳጋ
ንገረኒ.......
ወለዶ ተስፋና ወራስ ዓራት
እቶ-እቶ ኲይኑ ጥቓ ልዳት
እዚ ምኽረይ ኣብ ልቢ ግበሮ
ታሪኽ ኣሎ ኣነ ዝዝክሮ
        ንገረኒ........
        ዋዛ ከይመስለካ መርዓ ሃገር
        ልብኻ ደርቢኻ ከይትቋጸር
        መርዓ 'ተደለኻ ሊጋብ ሽቦ
        ኣብ ሕጸ ተጠንቀቕ ብዓንተቦ
ንገረኒ........
ትማል-ትማል እዚ ኩሉ ኲደብደብ
ህግደፍ ገዲፎሞ ብዛዕባ ዶብ
ወያኔ-ወያኔ ንኹሆ ምድሪ
ኣበይ ድኣ ከደ ድሕሪ ቀትሪ

ንገረኒ.......
ሕጂ ዘብዘብ ኰይኑ ንኢትዮጲያ
ወዮ መዝሙር ሓሶት ድሮ በሊያ
ሕልሚ ወያኔ ድኽምቲ ኤርትራ
ተሪፋኮ ታሕቲ ተቐቢራ
ንገረኒ..........
ንሳ'ያ ሓዳሮም ባይታ-ባይታ
ተጎልቢብካ ከም እምኒ ብርኩታ
ሰብ ቀዳሞት ክንደይ ዘይርኣና
ብዙሕ ኣሎ ኣብ ጽላት ልብና
ንገረኒ.......
ኣላሻውያን ጥላም ዝተበትኮም
ግምጥል-ግምጥል ንሱ'ዩ ሓዳሮም
እምቢ ይብሉሞ ጽንሕ ኢሎም ሕራይ
ኣብ ኣፍ ልዳት ትበላሾ ውራይ
ንገርኒ.........
ኣታ ጎበዝ ዘረባይ ስምዓኒ
ዓፍራ 'ይትርገጽ መሲሉካ እምኒ
ንሱ እኮ'ዩ ዘብከየኒ ቀደም
ሕጂ ድማ ካልኣይ ከይድገም
ንገረኒ.......
ይቕጹያ 'ለዋ ዕስለ 'ንስቲ
መነን'ያ ንዓኻ መናብርቲ
ጽቡቕ ደርጊ ስኒ መሊኡ'ሎ
ብፍሽኽታ ጥልመት ከይትዕሎ
ንገረኒ..........
እንተ ኣቲኻያ መርዓ ሓሶት
ጥራይካ ትተርፍ ኣብ ምልሶት
ከይትዕንቀፍ ከይትብል ደርገፍገፍ
ሓቂ ከይመስለካ ገዝሚ ህግደፍ
ንገረኒ............
ተሪር መድረኽ ኢዩ ኣለልዮ
ኣይተረፈን ጌና ዘበን ዋህዮ
ጥራይ ኢድካ ገዛ ከይትምለስ
እሾኹ ነጊፍካ'ዩ ፍረ በለስ።

ረድኢ ክፍለ (ባሻይ)